ወያነ ስለምታይ ኣብዚ ሕጂ ዘለዎ ሽግር በጺሑ?

ነዚ ሕቶ'ዚ ንምምላሽ ብዙሓት ምኽንያታት እንኳ እንተለዉዎ፡ ካብቶም ቀንዲ ዝበሃሉ ንምጥቃስ ዝኣክል እዞም ዝስዕቡ ክቐርቡ ይኽእሉ።

1) ወያነ ብረታዊ ቃልሲ ክትጅምር ከላ ትግራይ ነጻ ( ካብ ኢትዮጵያ ምንጻል) ከምዝነበረ ኣብ ካልእ ከይከድና ማኒፈስቶኣ ክንውኽስ ንኽእል። ስለምታይ ክትንጸል ደልያ? ነቲ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ትግራይ ብስርዓታት ኢትዮጵያ ዝፍጸም ዝነበረ ግፍዕታት ከም ጽቡቕ ኣጋጣሚ ተጠቒማ ህዝቢ ትግራይ ጸረ ጭቆና ከምዝልዓል ንምግባር ሓጊዙዋ። ጭቁን ሕብረተ ሰብ በቲ ዘገድሶ ነጥቢ እንተ መጺእካዮ ክብርታቱ ክዕቕብ ንመሰሉ ደው ክብል ንቡር እዩ። ዓላማ ወያነ ግን ንህዝቢ ትግራይ ካብ ግፍዕን ድኽነትን ኣገላጊልካ ብሰላም ኣብ ሓንቲ ኢትዮጵያ ንምምባር ዝተበገሰ ሰልፊ ኣይነበረን። ኔሩ እንተዝኸውን እዚ ሎሚ ንርእዮ ዘሎና ኩነታት ኣይምተፈጥረን ። ኣጀንዳ ወያነ ዋላውን ንህዝቢ ትግራይ ሚስጢር ከምዝነበረ ማንም ኢትዮጵያዊ እንኾላይ ህዝቢ ትግራይ ይኽሕዶ ኢሉ ኣይኣምንን። ብፍላይ ኣድቂቖን ኣዕሙቖን ንዝጠመቶ፡ ተንኮል ወያነ ፍጹም ዓባይ ትግራይ ዝብል ዘይጭበጥ ሕልሚ ንምትግባር እዩ ነይሩ። ብመልክዕ ካርታ ኣብ ማኒፈስትኣ ከመይ ጌራ ዓባይ ትግራይ ከም እትምስርት፡ ሕጂ'ውን ናብቲ ማነፈስቱኣ ኢና ክንውክስ።

ሀ) ወያነ ኣብ ሜዳ ብስም ጭቁን ህዝቢ ኢላ ክትቃለስ ከላ፡ ኣብ ሰልፉ (ውድባ) ካብ ካልኦት ብሔራት ኢትዮጵያ ዝተጸንበሩ ኣይነበሩን ክበሃል ይከኣል። እንተነበሩ ከኣ በቲ ነቲ ብማዓር ዝተሸፈነ ዕረ ኣጀንድኣ ሓቢኣ ንመሳርሒ ክጥቀመሎም ድኣምበር ብሓቂ ከም ነፍሳ ተጋደልቲ ትሓስቦም ከምዘይነበረት ብሩህ ኣብነት ዝኾነና ድሕሪ ዓወት ምጭባጣ መንግስታውን ወተሃደራውን ካልኦት ቁልፊ ዝኾኑ ቦታታት ስልጣን ሒዞሞ ዘለዉ ተጋሩ ጥራሕ ካብ ተጋሩ'ውን ብድሑር ዝንባለታትን ውልቃዊ ጥቕምታትን ዝቕረቡዋ'ያ ኮፍ ኣቢላትሉ ዘላ። ንይምሰለ ናይ ምውሳን ስልጣን ዘይብሎም በጻብዕ ዝቖጸረ ካብ ካልኦት ብሔራት የለዉን ማለተይ ኣይኮንኩን። ምናልባት ደሳለ ሃይለማርያም'ከ እንተበልም።

ለ) ከምቲ ኣብ ላዕሊ ጠቂሰዮ ዘሎኹ፡ ወያነ ኣብ ኣቓዋማ ኣስፈራቶ ዝነበረ፡ ምስ መትከላን ተግባራትን ዘይሳነዩ እዮም ኔሮም። መጽናዕቲ ተገሩሎምን ተሓሲቡሎም ዝተነድፉ ኣይነበሩን። ንጹር ሓቀኛ መትከል ዘይምህላው ምናልባት ኣብቲ ግዜቲ የዋጻኣኒ'ዩ ኢላ ኣሚናትሉ ነይራ ትኸውን። ጸገማ ግን ካብ ተሞኩሮ ኣይትመሃርን'ያ። ምስ ኩነታት ኣይትትዓጻጸፍን'ያ። ኣብ ኮራርምታ ኣምሓራይ ጸላኢ ህዝብ ትግራይ'ዩ መስ በለተ፡ ህዝቢ ኣምሓራን ኦሮሞን ንምጥፋእ ከም ቀዳማይን ኣገዳስን ኣጀንዳ ወሲዳ ትሰርሓሉ ኣላ።

<u>ንኣብነት እንተ ወሰድና፡</u>

1) ንደቕንስትዮ ናይዘን ክልተ በሄራ ወሊደን ንከይፋረያ መድሓኒት ጸረ ሕማም እናበለት ጸረ ምውላድ ሂብባ ተምክነን ኣላ።

2) ፍቓደኛ ዘይኮና ደቀንስዮ ናይዘን ብሔራት ብሓይሊ ምስዘይ ምልከተን ሰብን ልምድን ባህልን ብሄርን ከም ዝዋሰባ ምግባሩ ( ዓመጽ ) ዝውለዱ ቁልዑ ኣቦታትቶም ትግራዎት ክኾኑ ኣብ ነዊሕ ጉዕዞ ነዘን ክልተ በሔራት ኣዳኺምካ ዓሌተን ምጥፋእ።

3) ደቂ ተባዕትዮ ናይዘን ብሔራት ብዝተፈላለየ መንገዲ ካብ ሓዳሮ ከምዝፍለዩ፡ (መቕተልቲ፡ ማእሰርቲ፡ ስደት ....)።

4) ብሔራት ነንሕድሕደን ከይሰማማዓ ደማውን ዓሌታውን ግርጭታት እናፈጠርካን እና ኣባላሕካን ነንሕድሕደ ከም ዝፋለሳ ምግባር። ብፍላይ ኣብቲ የስግኣና'ዩ እትብሎም በሄራት ( ሕብረተ ሰብባት )።

5) ብማሕረስ ዝናበሩ ሕብረተ ሰባት መሬቶም ብዘይ ድልየቶም፡ ብዘይ መተካኢታ መንዚዕካ ንወጻእተኛታ

ኣውፈርቲ ምዕዳል። ንዕኦም ዳጊንካ ዝመስሉኻ ሰባት ኣብት ፋብሪካታት ከም ዝቑጸሩ ምግባር።
6) ጎንደር ጎጃም ዝበሃል ስም ኣጥፊእካ ትግራይ ንምቕያ። ኣብኡ ዝነብሩ ተወለቲ ኣሳጕግካ ብደቂ ትግራይ ከም ዝውነን ምግባር።
ወያነ ምሳና ኲናት ስለ ዝከፈት ከም ቀዳማይ ጸላኢና ጌርና ንውስዶ ንኸውን። ምኽንያቱ ጕሉጽ ወራር ስለ ዝኸፈተልና። ቀንዲ ጸላእቱ ኢሉ ዝቕጽሮም ግን ንዝቢ ኢትዮጵያ"ዩ። ምሳና ዶብ ኣመሳምስካ፡ ዑሱባት ከቲብካ ኲናት ከፊትካ መንግስቲ ትቕይርሞ ናዓኻ ዝእዘዙ እግሪኻ ዝሓጽቡ መራሕቲ ጌርክ መንግስቲ ትተኸል። ኤርትራ ከኣ ንግዚኡ ካላኣይቲ ትግራይካ ትገብራ፡ ነገራት ኣብ ጥቕምኻ እናዋዓሉ ምስ ዝኸዱ ዓባይ ትግራይ ትምስርት'ዩ እቲ ሕልሚ።
ኣብ ህዝቢ እትዮጵያ ዘለዎ መደብ ግን ምጽናት ዓሌታት እዩ። ወድሰብ ክነብር ስለ ዝቓለስ፡ ኣብቲ ብሰላም ናይ ምንባር መሰሉ ተገፊፉ ኣብ ጥሜትን ሞትን ምስ በጽሔ፡ ሂወቱ ንምድሓን እቲ ሓደ ኣማራጺ ጸላእትካ ምምካት'ዩ። ሓደ ኣብነት ዝኾነና ደርጊ ኣብ ኤርትራ ዘይተኣደነ ግፍዕታት ምስ ኣውረደ፡ በቲ ካልእ ወገን ከኣ ነፃነት ዓዲ ንፋስ በጺሓ ምስ ተባህለ፣ ከምዚ ዝብል ደርፊ ተደርፉ። "እንተለኻ ሞትየ፡ እንተኸድኻ ሞተየ፡ ንዓናይ ንጋደል ንሓደ ዓመትየ" ተባሕለ። እዚ እንታይ ማለትዩ፣ እንተተሰዋእካ ሰማእታት ሃገር ትኸውን፣ ብሰላም እንተ ኣቲኻ ኸኣ ኣብ ናጽነት ብሰላንም ትነብር ማለት'ዩ።
ሎሚ ህዝቢ ኢትዮጵያ ኣብ ኮምኡ ደረጃ'ዩ በጺሑ ዘሎ። "ዝም ብሎ ከመሞት ኣሙቶ መሞት" እዩ ዝብል ዘሎ። ድሕሪ'ዚ እንታይ ከይተርፈኒ ኢሉ። ብብቑኑዕ ዓላማ ዝተበገሰ ዓወቱ ናይ ግድን ምዃኑ ናይ ካልኦት ተሞኲሮ ምፍጣሽ ኣየድልየናን'ዩ። ናትና ሃብታም ተሞኩሮ ስለ ዘሎ፡ እሞ ኣብቲ ቀንድን ደምዳሚ ጽሑፈ ንምምጻእ፣ **ወያነ ስለምታይ ኣብዚ ሕጂ ዘለዎ ሽግር በጺሑ?**
1) መበገሲኡ ንጹር ራኢ ዘይምህላዉ፡ ካብ ቅርሕንቲ ስለ ተበገሰ።
2) ጸቢብ ብሄራዊ ኣተሓሳስባ ስለ ዝውንን።
3) ኣብ ሞንጎ ሰላማዊ ህዝብን ስርዓት ሃ/ስላሴን ደርግን ፈላልዩ ናይ ምምዛን ዓቕሚ ስለ ዘይብሉ።
4) ስስዔን ዘይናትካ ምድላይ ባህርያቱ ስለ ዝኾነ።
5) ቀና ናይ ካልኦት ናይ ካልኦት ዘቑምት።
6) ክብገስ ከሉ ዓቕሙን ቃልሲ ዝሓቶ ባህርያትን ስለ ዘይነበሮ። ካልኦት ብዙሃት ምኽንያታትን።

"ከም ውልቓዊ ርእይቶይ ከተሓሳስቦ ዝደሊ ነገር እንተሎ፡ ሎሚ ነዚ ብጥይት ከም ጠለበዱ ዝህደን ዘሎ ህዝቢ ኢትዮጵያ ኣብ ጎነኻ ኣሎና ምባል ቁኑዕ ኮይኑ ይስማዓኒ። ምኽንያቱ እዚ ጠላም ወያነ ኣብ ግዜ ሽግሩ ኣጆኻ ጥራሕ ዘይኮና፡ ኢልናዮ፣ ሽዳ ኣውዲና፡ ከዲንና፡ ኣስቲና፡ ኣብሊዕና፡ የዕቁብና፡ ሓኪምና፡ ኣዕጢቕና፡ ዶብ ሰጊርና መስዋእቲ ከፊልና ኣብ ስልጣን ንኽበጽ ዝገበርናዮ ጭፍራ"ዩ። ህዝብን ገድልታት ኤርትራን ምስ ስርዓታት ( ገዛእቲ) ኢትዮጵያ ድኣንበር ምስ ህዝቢ ኢትዮጵያ ቂም ኣይነበርናን፡ ኲፉእ ኣይገበርናን፡ ክፉእ ተመኒና ኣይንፈልጥን። ብመሰረቱ ብባህልና፡ ብሃይማኖታትና፡ ብሃገራዊ መትከልናን ኣቓምናን እምንቶናን፡ መርገጽና ከም ህዝብን ሃገር ውጹዓት ሓግዝ'ዩ ዝብል፡ እሞ፡ ጸገም ሓላፋይ ታሪኽ ተራፋይ ስለ ስኾነ ነዚ ብጕርብትና ይኹን ብኻልእ ብብዙሕ ዝመሳሰለና ህዝቢ ተስፋ ካብ ምሃብ ድሕር ኣይንበል ክብል እፈቱ"።

ዝኽሪ ንሰማእታትና፡
ዓወት ንሓፋሽ፡
ገብረንጉስ መስመር።